


THE HEALING POWER OF JESUS

By Bro. Vittoro Boria, ofm cap.

## *ኣብነታት ካብ ማቴ ምዕ. 8 - 12*

### ሀ. ንሰብ ካብ ሕማም ብምፍዋስ፡ ቍጽሪ ሰዓብቲ እናበዝኀ ይኸይድ ነበረ።

1. ኣብ ሕዝቢ ዘሎ ኵሉ ዓይነት ሕማም እናሕወየ ይዘውር ነበረ። ዝናኡ'ውን ኣብ ኵሉ ሶርያ ተዘርገሐ፡ ኵሎም ሕሙማት፡ በብዓይነቱ ሕማምን ቃንዛን ዘለዎ፡ ኣጋንንቲ ዝሓደርዎም፡ በብወርሒ ዝለዓል ሕማም ዘለዎምን ልሙሳትን ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ድማ ኣሕወዮም። ካብ ገሊላን ካብ "ደካፖሊስ" ዚበሃል ሃገርን ካብ ኢየሩሳሌምን ካብ ይሁዳን ካብ ማዕዶ ዮርዳኖስን ከኣ ብዙኃት ሕዝቢ ሰዓብዎ። (ማቴ 4፡ 23-25)

### ለ. ብጥዕና ንእግዚኣብሔር ክነገልግሎ ፍቓድ እግዚኣብሔር ኢዩ!

2. ለምጻም፡ "ጐይታይ! ፍቓድካ እንተኮይኑስ፡ ክተንጽሓኒ ትኽእል ኢኻ!"
ኢየሱስ፡ "ፍቓደይ ኢዩ፣ ንጻሕ!" እናበለ ተንከዮ።
ብኡብኡ ከኣ ካብ ለምጹ ሓወየ። (ማቴ 8፡ 2 - 4)

### ሐ. ብእምነት ዚዓርግ ጸሎት ብዙኅ የሥልጥ ኢዩ

3. ሓለቓ ምእቲ፡ "ጐይታ! ወደይ መጻጕዕ ኮይኑ፡ ኣብ ገዛ ደቂሱ ኣዝዩ ይቝንዞ ኣሎ"
ኢየሱስ፡ "እኔኹ መጺአ ከሕውዮ ኢየ"
ሓለቓ ሚእቲ፡ "ጐይታይ! ንስኻ ናብ ቤተይ ክትኣቱ ኣይበቅዕን ኢየ። ግና ሓንቲ ቃል ተዛረብ እሞ፡ ወደይ ኪሓዊ ኢዩ። ..."
ኢየሱስ፡ "... ኪድ ከም ዝኣመንካዮ ይኹንልካ"
በታ ሰዓት ከኣ ወዱ ሓወየ። (ማቴ 8፡ 5 - 13 ርኤ)

### መ. ንሱ ድኻምና ወሰደ፡ ሕማምና'ውን ፆረ። በቑሳሉ ኢኹም ድኂንኩም

4. ኢየሱስ ናብ ቤት ጴጥሮስ ኣተወ፡ ሓማት ጴጥሮስ ብረስኒ ተታሒዛ ደቂሳ ትጸንሖ። ኢዳ ተንከያ፡ ረስና'ውን ኃደጋ፡ ተንሢኣ ከኣ ኣገልገለቶም። ምስ መሰየ፡ ኣጋንንቲ ዝኃደርዎም ብዙኃት ናብኡ መጹ፡ እቲ ብነቢይ ኢሳይያስ "ንሱ ድኻምና ወሰደ፡ ሕማምና'ውን ፆረ" ዝተባህለ ምእንቲ ኪፍጸም፡ ሕማም ዘለዎም ኵሎም፡ ኣሕወዮም። (ማቴ 8፡ 14 - 17)

5. ኢጋንንቲ ዝኃደርዎም ክም ዘሕወየ ... (ማቴ 8፡28-34)

6. ንሓደ ልሙስ ከምዘሕወየ (ማቴ 9፡ 9-13)

7. ኢየሱስ ጓል ኢያኢሮስ ካብ ሞት ከምዘተንሥኣን ደም ዚፈሳ ዝነበረት ሰበይትን ከምዘኅወየን (ማቴ 9፡ 18 -26)

8. ክልተ ዕውራት ከምዘሕወየ (ማቴ 9፡ 27 - 31)

9. ኢየሱስ ዓባስ ክም ዘዛረበ "ሕዝቢ፡ 'ክምዚ ዝበለ ነገር ኣብ እስራኤል ክቶ ኣይተራእየን' ኢሎም ተገረሙ"። (ማቴ 9፡ 32 - 34)

10. ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ (1) እናመሃረን ወንጌል መንግሥቲ እናሰአበኸን፡ (2) ኵሉ ሕማምን ኣብ ሕዝቢ ዝነበረ ድናሰን እናሕወየ፡ (3) ኣብ ኵለን ከተማታትን ዓድታትን ይዘውር ነበረ። ብዙኅ ሕዝቢ ምስ ረአየ፡ ጓሳ ክም ዘይብለን ኣባግዕ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ፡ ራኅራኃሎም። (ማቴ 9፡ 35 - 36)

ሠ. "ሕሙማት ኣሕውዩ! ምዉታት ኣተንሥኡ!" ናይ ኢየሱስ ሥልጣንን መምርሕን ኢዩ፡

11. ንሓዋርያት ክምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ "... 'መንግሥቲ ኣምላኽ ቀሪባ ኢያ' እናበልኩም ስበኹ። ሕሙማት ኣሕውዩ፡ ምዉታት ኣተንሥኡ፡ ለምጻማት ኣንጽሑ፡ ኢጋንንቲ ኣውጽኡ፡ ብነፃ ተቐቢልኩም ኢኹም እሞ ብነጻ ሃቡ ..." (ማቴ 10፡ 7-8)

ረ. መሲሕ ምዃኑ ዘየጠራጥር ምልክት ኪህብ ምስ ደለየ፡ "ዕዉራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ..." እናበለ ምልክት ከምዝሃቦም (ሉቃ 4፡18-21 ርኤ)

12. ልኡካት ዮሓንስ፡ "እቲ ዚመጽእ ንስኻ ዲኻ፡ ወይ ድማ እንጽበዮ ካልእ ኣሎ?"
ኢየሱስ፡ "ኪድኩም ንዮሓንስ እዚ ትርእዩዎን እትሰምዕዎን ዘሎኹም ንገርዎ። ዕውራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ፡ ለምጻማት ይነጽሑ፡ ጸማማት ይሰምዑ፡ ምውታት ይሰምዑ፡ ምዉታት ይትንሥኡ፡ ድኻታት ወንጌል ይብሠሩ ኣለዉ። ብኣይ ምኽንያት ዘይዕንቀፍ ብፁዕ ኢዩ።" (ማቴ 11፡3-6)

13. ጋኔን ዝኃደሮ ሓደ ዕዉሩን ዓባስን ኣምጽኡሉ። ንሱ ኸኣ ክም ዚርእን ከምዚሰምዕን ገይሩ ኣሕወዮ። ሕዝቢ ድማ "እዚስ ወዲ ዳዊት ደኾን ይኸውን?" ኢሎም ተደነቑ።

ሰ. ብሰንበት ምሕዋይ ይፍቀድ ዲዩ? ... ብሰንበት ጽቡቕ ምግባር ፍቑድ ኢዩ ...

14. ኢዱ ዝለመሰት ሰብ ከምዝሓወየ፡ "ብሰንበት ምሕዋይዶ ይግባእ ኢዩ?" ኢሎም ሓተትዎ። ኢየሱስ ድማ፡ "ካባኻትኩም ሓንቲ በጊዕ ዘላቶ እሞ ብሰንበት ኣብ ጕድጓድ እንተወደቐት ኂዙ ዘየውጽኣ ሰን እንታዋይ ኢዩ? ካብ በጊዕዶ ሰብ ኣጸቢቑ ኣይበልጽን? እንበኣር ብሰንበት ጽቡቕ ምግባር ግቡእ ኢዩ።" በሎም። ነቲ ኢዱ ዝለመሰት ከኣ፡ "ኢድካ ዘርግሕ!" በሎ። ንሱ ከኣ ዘርገሓ፡ ብኡብኡ ከኣ ሓወየት። ከምታ ካልኣይታ እውን ኮነት። ... እዚ ድማ እቲ ብነቢይ ኢሳይያስ፡ "እንሆ እቲ ዝሓረኹዎ ብእኡ ደስ ዝበለኒ ዘፍቅሮ ጊልያይ፡ ኣብኡ መንፈሰይ ከኅድር ኢየ። ንሕዛብ ድማ ፍትሒ ኼበሥር ኢዩ። ... ኣሕዛብ ድማ ብእስሙ ተስፋ ኪገብሩ ኢዮም" ተባሂሉ ዝተነግረ ምእንቲ ኪፍጸም ኮነ። (ማቴ 12፡ 9 - 21 ርኤ)

## ካብዚ ኣብነታት እዚ እንዝመሃሮ፡

1, ናብ ኢየሱስ ዝቐረበ ሕሙም ከይተፈወሰ ንገዝኡ ዝተመልሰ የሎን።

2. ኢየሱስ ሓድሓደ ጊዜ በቲ ሕሙም ተለሚኑ ይፍውስ ነበረ፡ ("ወዲ ዳዊት መሓረኒ!")
ሓድሓደ ጊዜ ባዕሉ ብናቱ ተበግሶ ይፍውስ ነበረ ("ክትሓዊይ ትደሊ ድኻ?")
ሓድሓደ ጊዜ ብሣልሳይ ኣካል (ወለዲ፡ ኣዕሩኽ፡ ሓዋርያት ወዘተ.) ተለሚኑ ይፍውስ ከምዝነበረ ("ወደይ ርኹስ መንፈስ ሓዲሩዎ ኢዩ፡ ፈውሰለይ!")

3. ኢየሱስ ንሕሙም ይድንግጸሉን ("ሕማምና ባዕሉ ጸሮ")፡ ምእንቲ ኪፍውሶ ድማ ይጽልየሉን፡ ሓገዝ እቲ ሕሙም ወይ ወለዲ (ደገፎም ወይ እምነቶም ወይ ነቲ ሕሙም ኬምጽእዎ ወዘተ.) ይሓትትን ከምዝነበረ። ሓድሓደ ጊዜ ሕሉፍ "ናይ ምፍዋስ መንፈስ ይሓድሮ ነበረ"።

4. ኢየሱስ ንሰብ ብነፍስን ብመንፈስን ብሥጋን ኬድኅን ኢዩ መጺኡ! ሰብነት ፈዊሱ ንነፍሲ የድኅን ነይሩ ("ካብዚ ዝገደደ ከይመጸካ መሊስካ ከይትሓጥእ ተጠንቀቕ!") ወይ ነፍሲ ኣድኂኑ (ኃጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኢዩ!)፡ ሰውነት ይፍውስ ነይሩ (በል፡ "ተንሲእካ ዓራትካ ተሰኪምካ ኪድ!)።

5. ኢየሱስ ሓዋርያት ምስ መረጸ፡ ቀቅድሚኡ ሰዲዱ ንሳቶም እውን ብወገኖም ኪፍውሱን ኬሕውዩን ሥልጣንን ተኣዘዞን ሃቦም። ንሳቶም ካብ ወፈራኦም ኪምለሱ እንከለውዉ "ሰይጣውንቲ ከይተረፉ ይእዘዙና ነይሮም!" እናበሉ ንኢየሱስ ጸብጸብ የቕርቡሉ ነበሩ።

6. እቲ ቀድሚ ኵሎም ዝተጻሕፈ ወንጌል ማርቆስ " . . . ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ኢዮም እሞ፡ ንሳቶም ድማ ኪሓውዩ ኢዮም!" በሎም። ... ንሳቶም ድማ ወፂኦም ኣብ ኵሉ ሰበኹ፡ ጐይታ ድማ ምስኣቶም ይዓዪ ነበረ፡ እቲ ቃልውን በቲ ዜሰንዮ ዝነበረ ተኣምራት የጽንዖ ነበረ። ኣሜን"! ኢሉ ይውድእ። ስለዚስ ሓዋርያት ድሕሪ ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰማይ ምዕራጉ ንሕሙማት ይፍውሱ ከምዝነበሩ ክንፈልጥ ንኽእል። ግብሪ ሓዋርያት ድማ በበይኑ ኣብነታት ይህበና።

7. ቅዱስ ጳውሎስ (1 ቆሮ 12፡ 28 - 30) ናይ ምፍዋስ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ከምዘሎ ይነግረና እሞ፡ "ነተን ዝዓበያ ህያባት ጸዓቱ" እናበለ ይመኽረና። እሞ ናይ ምፍዋስ ህያብ፡ ንሕልና ቅሳነት ምሃብ፡ ንህዉኽ፡ ጭኑቕ ሰላም ምምላስ (ናይ ኅልና ፈውሲ) ምኽኣል፡ ምስ ኣምላኽን ምስ ኃዉን ምስ ሥነፍጥረትን ንዝተባእሰ "ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኢዩ!" ኢልካ ካብ ማእሰርቲ ሓጢኣት ካብ ምፍታሕ ዚዓቢ ህያብ እንታይ ኣሎ? ቅ. ያዕቆብ ድማ፡ "ኣብ ሞንጎኹም ዝሓመመ ኣሎ ኢዩ? ንዓበይቲ ቤተክርስትያን ይጸውዕ፡ ንሳቶም ድማ ብስም እ`ይታ እናጸለዩሉ ብዘይቲ ይቕብዕዎን። እታ ብእመንት እትግበር ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ክተሕውዮ ኢያ። ጐይታ እውን ከተንሥኦ ኢዩ። ሓጢኣት ገይሩ እንተኾይኑውን ኪሕደገሉ ኢዩ።" (5፡ 14-15)

8. ቤተ ክርስትያን ድማ መዓልቲ - መዓልቲ ንግሆን ምሸትን ምእንቲ ሕሙማት ፍሉይ "መስተብቍዕ በእንተ ድውያን" (INTERCESSION) ተቕርብ እሞ፡ "ምእንቲ ሕሙማት ኣኀዋትናን ኣኃትናን ደጊምና ንልምኖ ኣሎና። ንከሉ ሕማምን፡ ንኹሉ ቃንዛን ካብኦም ኬርሕቕ፡ መንፈስ ሕማም ሥዒሩ ሕይወት ኪህቦም፡ ኵሉ ኬሕዊ ሥልጣን ንዘለዎ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ንልምን ኣሎና..." እናበለት ክንልምን ትመርሓና። ሓንካስ ኣቡነ ዘበሰማያት ከምዘየሎ ከኣ ናብ እግዚኣብሔር ዘይበጽሕ ጸሎት የሎን እሞ፡ ምእንቲ ሕሙማት ነቕርቦ ጸሎት ከምዚበጽሕ ገርና ንለምን።

9. ናይ 2000 ዓመታት ታሪኽ ድማ እዚ ህያብ እዚ ኣብ ቤተክርስትያን ኣቋሪጹ ከምዘይፈልጥ ይምህረና። ሎሚ እውን፡ መንፈስ ቅዱስ ንቤተክርስትያን ገዲፉዋ ስለዘይፈልጥ ናይ ምፍዋስ ሕሙማት ህያብ ይፍጸም ኣሎ።

10. በዚ ንእግዚኣብሔር ነመስግኖ። ንሕና እውን ሎሚ መሣርሕቲ ኣምላኽ ንኹን። ናብ ሕሙም ንኺድ፡ መን ኣሎ ዜጸናንዖ ዘይብሉ እሞ ክንኸዶ? መን ኣሎ መጽሓፍ ቅዱስ ኬንብብ ዘይክእል እሞ ክነንብበሉ? መን ኣሎ ጸሎት ምግባር ዝጠፍኦ እሞ ከይድና ክንምህሮ እንኽእል? ኢሳይያስ ብዛዕባ ጸዋዕታኡ ናብ ትንቢት ኪዛረብ እንከሎ፡ ኣምላኽ "ንመን ክንልእኽ? መንከ ኪኸደልና ኢዩ?" ኪብል ሰምዐ እሞ፡ "እነሄኹ ኣነ፡ ንዓይ ልኣኽ" ኢሉ ተወፈየ። ኣነን ንስኻን/ንስኽንከ እንታይ ንግበር?